ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣራሚት ሽምግለ

حزب النهضة الإرتري
اللجنة التصحيحية

Eritrean Nahda Party
Correction Committee

## ዓለምለኻዊ ማዓልቲ ደቒንስትዮ፡ መንኮርኮር ናይ ለውጢ መግለጺ ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ብምኽንያት 8 መጋቢት ።

8 መጋቢት፡ ነቲ ብፍላጥን ብዘይ ፍላጥን ዝግበርር ጾታዊ ኣድልዎ፡ ወጽዓን ዘይምዕሩይ ጾታዊ ፍልልይ ንምብዳህ ብውልቂ ይኹን ብደረጃ ማሕበር፡ ከም መበገሲት መንኮርኮር ናይ ለውጢ ንጥቀመላ ኣዝያ ክብርቲ ዕለት እያ። ኤርትራዊያን ደቂንስትዮ፡ ኣብቲ ንልዕሊ ሳላሳ ዓመት ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተኻየደ ናይ ናጽነት ቃልሲ፡ ክቡር መስዋእቲ ክትክፍል እንኮላ፡ ኣብ ገዛእ ሃገራ ኡፈይ ኢላ ከተዕርፍ እዩ ነይሩ ሕልማ።

ይኹን'ምበር፡ ሕልማ ብምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ተጨዊዩ ፡ እነሆ ንልዕሊ ርብዒ፡ ዳግማይ ንዘልኣለማዊ ባርነት ሳዋ፡ መፍቶት ጀነራላት ህግደፍ፡ ቀለብ ዓሳ ሜዲትራንያን፡ ጅሆ ራሻይዳን ኮይና ከይኣክል፡ ስልጣንያታት ሒዛ ፈቀዶ ኣብያተ-ማእሰርትን በረኻ ሳዋን ክትመላለስ ወሊዳ ዝመኸነት ዘይምሱል መሲላ።

በጋጣም'ዛ ክብርቲ ዕለት፡ ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ ንኹለን ኣዴታትን፡ ኣሓትን እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓና እናበለ፡ ማዕርነት፡ ፍትሕን ክብርን ደቂንስትዮ ሓላፍነት ጓልንስተይቲ ጥራይ ዘይኮነስ ሓላፍነት ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ሙኻኑ ማንም ሰብ ዘይስሕቶ ሓቂ እኳ እንተኾነ፡ ከምቲ ኣብ ግዜ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ፡ ኤርትራዊ ኣደ/ሓፍቲ ሕጂ'ውን ንፍትሕን ማዕርነትን ብዓቢኡ ድማ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ገባቲ ስርዓት ንምድሓን ብሓድሽ መንፈስ ተበጊሳ፡ መሪሕ ግደ ክህልዋ፡ መድረኽ ባዕሉ ዳግማይ የዘኻኽራ ኣሎ።

**ማዕርነት ክብርን ንኤርትራውያን ደቂንስትዮ**

**ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

**ቢት ጽሕፈት ክፍሊ ዜናን ምንቅቃሕን**

**08-03-2017**